ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ. 56 ረቡዕ 4 ሕዳር 2015 ገጽ 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

# ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ህንዳዊት መዘናኡ ተዘራሪቡ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብ30 ጥቅምቲ ኣብ ኒው-ደልሂ ምስ ህንዳዊት መዘናኡ ሚስ ሱሽማ ሳዋራጅ ተራኺቡ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና ብሓፈሻ፡ ኣብ ዓውድታት ወፍሪን ንግድን ድማ ብፍላይ ከምኡ’ውን ንኽልቲኤን ሃገራት ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ተዘራሪቡ።

ኣብ’ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ዋዕላ ‘ህንዲ-ኣፍሪቃ’ ብኣወዳድባኡ ይኹን ብትሕዝቶኡ ኣዕጋቢ ከም ዝነበረ ብምጥቃ



ኤርትራ ምስ ህንዲ ኣብ ወፍርን ንግድን ኣተኲራ ክትሰርሕ ከምእትደሊ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ክልተኣዊ ምትሕብባር ድማ ዝያዳ ክዓቢ ከምእትሰርሕ ገሊጹ።

ህንዲ፡ ኣብ ጽላት ዕደና ኤርትራ ኣብ ዘሎ ዕድላት ወፍሪ ተሳትፎኣ ከተዕዝዝ ብምዝኽኻር ድማ፡ ኣውፈርቲ ህንዲ - ኣብ መዳይ መፍረ ቸሜንቶ፡ ሽኮርን ካልእ ናይ ሕርሻ ተኽእሎታትን ንዘሎ ሰፊሕ ዕድላት ኣተኩሮ ክገብሩሎም ብምልባው፡ ኣብ ጽላት ቀኊጠባ ኣብ ሞንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ምድግጋፍ ዝያዳ ክዓቢ ድሌት ኤርትራ ምዃኑ፡ ሚኒስተር ዑስማን ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ሚስ ሱሽማ ሳዋራጅ ብወገና፡ ኤርትራ ኣብ የመን ዝነበሩ ህንዳውያን ሰራሕተኛታት ንምውጻእ ብዘርኣየቶ ተገዳስነት ምስጋናኣ ድሕሪ ምቕራብ፡ ህንዲ ኣብቶም ኤርትራ ቀዳምነት እትህቦም ጽላታት ሕርሻ፡ ተተካኢ ጸዓትን ካልኦት ልምዓታዊ መደባትን ኣበርክቶኣ ክብ ከተብል ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጻ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ መወዳእታ፡ ህንዲ ኣብ ኤርትራ “ሞያዊ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ” ንምኽፋት ንዘበገሰቶ መደብ ዝምልከት መጽናዕትን ምድላዋትን ተዛዚሙ ናብ ትግባረ ከምእተሰጋገረ ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ካብ ህንዲ እትቼጽሮም ሓያሎ መምህራን ብብቕዓቶም ብሉጻት ንክኾኑ፡ መንግስቲ ህንዲ ክተሓባበር ተላብዩ።

ኣብ’ቲ ርክብ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብን ካልኦት ሓለፍቲ መንግስትን ተረኺቦም ነይሮም።